NEW ZEALAND
RED CROSS
RĪPEKA WHERO AOTEAROA

# ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19 (COVID-19) ጥቅምቲ 2021

| ካብ 12 ዓመት ንላዕሊ | ኩሎም **ደቂ 12 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን** ዝኾኑ ሰባት ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) ክታበት እንተ ደልዮም ክክተቡ ይኽእሉ ኢዮም። እቲ ክታበት ብናጻ ኢዩ ። እቲ ክታበት 2 ጊዜ እዩ ዝውሃብ፣ እቲ ካልኣይቲ ካብታ ቀዳመይቲ ድሕሪ 3 ሰሙን እያ ትውሃብ። |
|---|---|

**ስለምንታይ እየ ኮቪድ-19 ክክተብ ዘሎኒ?**

ብኮቪድ-19 ንከይትሓምም ኪከላኸለልካ እዩ። ንስድራ ቤትካን ንፈተውትኻን ንካልኦት ኣብ ማሕበረሰብካ ዘለዉ ሰባትን እውን ካብቲ ሕማም ክከላኸለሎም እዩ ።

ዝተከተቡ ሰባት ምዝርጋሕ ኮቪድ-19 ደው ንምባል ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም።

**ክውስን ዚሕግዘኒ ዝያዳ ሓበሬታ ኻበይ ክረክብ ይኽእል ?**

ርግጸኛ እንተዘይኰንካ ወይ ብዛዕባ ኮቪድ-19 ዝበሃል ክታበት እንተ ድኣ ተጨኒቕካ ብዛዕባኡ ምስ ኻልእ ሰባት ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ። ንስድራ ቤትካ፣ ኪይ ወርከርካ፣ ሓኪምካ/ጂ. ፒ.፣ ፋርማሲካ ክተዘራርቦም ትኽእል ኢኻ።

ብምኽንያት ጥዕናኻ ወይ እትወስዶም መድሃኒት ብዛዕባ እዚ ክታበት እንተ ተጨኒቕካ እውን ንሓኪምካን/ጂ. ፒ. ‘ካን ክተዘራርቦም ትኽእል ኢኻ።

ደገፍ ውሳነ ንምግባር፦ https://www.health.govt.nz/system/files/documents/pages/covid-19-vaccine-decision-making-tool-easy-read-24may2021.pdf

**ነቲ ክታበት ክወስድ ከለኹ እንታይ እዩ ዚግበር?**

እቶም ሰራሕተኛታት ዝርዝር ሓበሬታኻ ምስ ኣረጋገጹ፣ ነቲ ክታበት ከም እትሰማምዓሉ ክሓቱኻ እዮም።

እቲ ክታበት ኣብ ላዕለዋይ ቅልጽምካ ናብ ጭዋዳታትካ ብመርፍእ ኢዩ ዝወሃብ ። ብድሕሪኡ ን15 ደቓቕ ክትጽበ ኢካ ።

ከም ዝተከተብካ ዘረጋግጽ ካርድን፣ ንኻልኣይ ክታበት ቈጸራ ምስ ሓዝካ ብድሕሪኡ ኽትከይድ ትኽእል ኢኻ።


Name: ...........................................
1 Vaccine: Pfizer/BioNTech Date given: ...../...../.....
Remember to attend your appointment to have your second dose of vaccine. You will have the best protection after two doses.
2 Second appointment date: ...........................................
Time: .................... Location: ...........................................
Vaccine: Pfizer/BioNTech Date given: ...../...../.....

**ኣበይ ክክተብ ይኽእል?**

ማእከላት ክታበት ኣብ ኩሉ ቦታ ኢዩ ዝርከብ ፣ መብዛሕትኦም ከኣ ቈጸራ ኽትገብር ኣየድልየካን እዩ። 'ዎክ-ኢን' ወይ 'ድራይቭ-ስሩ' ይበሃሉ ናብኡ ኽትክይድ ትኽእል ኢኻ ።

ኣብ መላእ ኒው ዚላንድ ዚርከቡ ቦታታት ኣብዚ https://www.healthpoint.co.nz/covid-19-vaccination/

ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ማእከላት ንምርካብ ሓገዝ እንተ ደሊኻ ንስድራቤት ሓኪምካ/ጂ. ፒ.፣ ማእከል ጥዕናታት፣ ፋርማሲስት ወይ ኪይ ዎርከር ክትሓቶም ትኽእል ኢካ።

እዚ ሓበሬታ እዚ ኣብዚ መንግስቲ ኒው ዚላንድ ወብ ሳይት እዩ ዚርከብ https://www.health.govt.nz/our-work/diseases-and-conditions/covid-19-novel-coronavirus/covid-19-vaccines